# ሰሊጥ ቢዜነስ መርበብ

ሰላም ክቡራት ኣንበብቲ ናይዚ ፅሑፍ ዕላማ አብ ሰሜን ምዕራብ ኢትዮጵያ ናይ ሰሊጥ ቢዜነስ መርበብ ናይ ኮሮና ቫይረስ ሕማም አብ ግምት ብምእታዉ እናተሰርሑን ክስርሑ ዝግበኦም ተጋባራት ንመዳራግቲ አካላት ሓፀርቲ ሓበሬታታት ንምብፃሕ እዩ።

## ናይ ሕርሻ ሜካናይዜሽን ንኮሮና ቫይረስ ለበዳ ምቅናስ አስተዋፅኦ አለዎ

ብምክንያት ተላባድነት ሕማም ኮረና ቫይረስ ምንቅስቃስ መዓልታዊ ሰራሕተኛታት ተገዲቡ ይርከብ። አብ ሰሜን ምዕራብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ናይ ሰሊጥ መፍረይቲ ሓረስቶት መሬቶም ንምድላዉ ሕፅረት ሰራሕተኛታት አጋጢምዎም ይርከብ። ሰሊጥ ንምፍራይ ክሳብ 70 መዓልታዊ ሰራሕተኛታት ንሓደ ሄክታር የድሊ። እዚ ቁፅሪ አብ ሰሜን ምዕራብ ኢትዮጵያ በቢዓመቱ ሰሊጥ ካብ ዝሸፈን መሬት (500000 ሄክታር) እንትረአ ብርክት ዝበለ ምዓልታዊ ሰራሕተኛ ነዚ ከባቢ ከምዘድልዮ የመላክት።

አብዚ ሕዚ እዋን ምስቲ አጋጢሙ ዘሎ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ እዚ ዝአክል መዓልታዊ ሰራሕተኛ ናብዚ ከባቢ ምዉፋር ድማ ምስቲ ዝርገሓ ሕማም አፀጋሚ ክክዉን ከምዝክእል ይግመት። እዚ ከባቢ ካብቀደሙ ሕፅረት ሰራሕተኛ ከምዘጋጥሞ ዝፍለጥ ዋላ እንተኮነ ምስቲ አጋጢሙ ዘሎ ሕማም ግና ዝከፍአ ከምዝከዉን ይፍለጥ፡ ፡ስለዝኮነ ዝክሰት ሕፅረት ሰራሕተኛ ንምፍታሕን፣ናይ ምፍራይ ወፅእታት ንምቅናስን ብክነት ድሕረ ምህርቲ ንምቅናስን ምጥቃም ናይ ሕርሻ መካናይዘሽን ዓብይ አስተዋፅኦ ይህልዎ።

ሕርሻ ሜካናይዜሽን እንትበሃል ካብ ምድላዉ መሬት ጀሚሩ ክሳብ ምህርቲ ምስብሳብን ምቅናስ ብክነት ድህረ ምህርቲ የጠቃልል። ከምቲ ዝፍለጥ ነዚ ዘገልግሉ መሳርሕታት ብዝተፈላለዩ መዳርግቲ አካላት ተሞኪሮም ተፈልዮም አለዉ። ሕዚ ድማ እዞም ናይ ሕርሻ መሳርሕታት አብ ዝተፈላለዩ ሰብሃፍቲ፣ናይ ሓረስቶት ግልጋሎት ወሃብቲን መምፃእትን ከምዝርከቡ ይፍለጥ። እዞም መሳርሕታት ሓረስቶት ክልልና ንክጥቀሙሎም



መዳርግቲ አካላት ምስ መንግስቲ ብምትሕብባር ንክጥቀምሎም መንግስቲ ትግራይ ብፍላይ ዞባ ምዕራብ እናሰርሓ ይርከብ።

አብ ክልልና ናይ ሰሊጥ መፍረይቲ ከባቢታት መዳርግቲ አካላት እዞም ናይ ሕርሻ መካናይዘሽን መሳርሕታት መፍረይቲ ንክጥቀሙሎም እናሰርሑ ይርከቡ። ካብ እዚአቶም ማማይ ግሩፕ ዝተበሃለ ናይ ግሊ ማሕበር ጋልጋሎት ወሃቢ አብዚ ምህርቲ ዘመን ክሳብ 1200ሄክታር ምስ ሰብ ሃፍቲ ግልጋሎት ንክህብ ዉዕል አሲሩ ናይ መሬት ፀረጋን ማሕረስን ግልጋሎት ብኩንትራት መልክዕ አብ ምስራሕ ይርከብ። ብተመሳሰሊ ድማ ሂወት ሕርሻ መካናይዘሽን ናይ ዉልቀ ኩባንያ ምስ አናእሽተይ ሓረስቶት ተመሳሳሊ ስራሕ ንምስራሕ ምድላዋቱ ወዲኡ ይርከብ። ብተወሳኪ ድማ ደስታ በርሃ ናይ ሓረስቶት ግልጋሎት ወሃቢ ትካል ንአናኡሽተይ ሓረስቶት እዚ ናይ ሕርሻ መካናይዘሽን ግልጋሎት ምስ አናእሽተይ ሓረስቶት ግልጋሎት ንምሃብ ምስ ሕርሻ ሰብ ሞያ ናይ ሓረስቶት መረፃ እናካየደ ይርክብ። ብተወሳኪ ድማ ዉሱናት ማሕበራት፣ዉሱናት ሰብሃፍቲን ማእከል ምርምር ሕርሻ ሑመራን ዋላ ሕፅረት መካናይዘሽን

ናብ 2ተ ይዘውር

## ካብ ተላባዳ ሕማም ኮሮና ቫይረስ ባዕሎም ይከላከሉ !




አብ ኢዶም ዝርከቡ ጀርምታት ብፅሩይ ማይን ሳሙናን ወይ ድማ ብ አልኮሆል ተሓፂቦም የፅርዩ።



አእዳዎም ከይተሓፀቡ ዓይኖም፣ አፍንጭኦም አፎም አይንክኡ



ብኢድ ሰላምታ ይትረፍ





አብ ምንጎ ሰባት ዘሎ አካላዊ ርሕቀት ይሓልዉ

ካብዚ ብተወሳኪ መንግስትን ናይ በዓል ሞያ ጥዕና ዝህብዎም ካላኦት ምምርሕታት ይከታተሉ!

# ለበዳ ሕማም ኮሮና ኣብ ኣገልግሎትን ዓዉደ ሕርሻን ዝህልዎ ፅልዋ

ለበዳ ሕማም ኮሮና (COVID-19) ዝህልዎ ዝዓበየ ፅልዋን ኩሉ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ዝድርት ዝለዓለ ኪሳራ እናምፅአ ዝርከብ ሕማም እዩ። ንኣብነት ናይ ሃገራት ንግዲ ርክብ ምውሳን፣ ምስ ምግቢ ዝተኣሳሰሩ ምህርትታት፣ መድሓኒታት ከምኡ እውን ብጣዕሚ ኣድለይቲ ዝኾኑ ጥረ ኣቑሑትን ካለኦት ኣድለይቲ ዝኮኑ እታዎታት ምምፃእን ሰደድ ማግባርን ዝተዓገተ ኮይኑ ኣሎ። እዞም ኩነታት ብፍላይ ናብርኦም ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾኑ ኣብ ዝተሓተ ናይ መነባብሮ ደረጃ ዝርከቡ ክፋል ሕብረተሰብ ብዝበለፀ ተጎዳእቲ ክኾኑ ይገብር። ፅንዓታት ከምዝሕብሩ በዚ ወቕቲ ብዓለም ዙርያ ልዕሊ 95 ሚሊዮን ሰራሕተኛታት ስራሕ ስእነት ኣገጢምዎም ይርከብ።ነዞም ፀገማት ንምፍታሕን ናብ ዝነበሮ ንምምላስን ዝላዓለ ፃዕሪ ይሓትት።በዚ ከቢድ ፀገም ውሽጢ ዘይተራኣዩ ፅቡቓት ዕድላት ብምልላይን ብምጥቃምን ስነ ቁጠባዊን ማሕበራዊን መፍትሕታት ብዘምፅኡ ስራሕቲ ዙርያ ብምንቅስቓስ ለውጢ ንምምፃእ ፃዕሪ ምግባር ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት እዩ።

ዋላ እኳ ናይ ሃገርና ዓዉደ ሕርሻ ክሳብ ሐዚ ዱሑርን ዘይዘመነን ምዃኑ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ማሕበራዊን ስነ ቑጠባውን ፅዕንቶ እንተሃለዎ እቲ ለበዳ ሙሉእ ብሙሉእ ስራሕ ጠጠው ክነብል ብዘይ ምግባሩ ፅቡ ቕ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ጠንኪርና ንክንሰርሕን መፍረያይነትና ክነዕብይን ይግባእ። ዓውዲ ሕርሻ ብዝፈጥሮ ሰፊሕ ዕድል ስራሕን ኣብ ስነ ቁጠባዊ ዝፈጥሮ ኣስተዋፅኦ እንትርአ ዝለዓለ ትኹረት ዘድሊ ጉዳይ እዩ። ሕርሻ ንኹሉ ክፋል ሕብርተሰብ ዝምልከት ጉዳይ እዩ። ኩሉ ሰብ መግቢ የድልዮ፣ እዚ ማለት ኩሉ ሰብ ይምልከቶ ማለት እዩ። ኣብዚ ዓውዲ ብዙሕ ተዋሳእቲ እዮም። ሰብ ሞያ ሕርሻ፣ ተመራመርቲ፣ ኣብ ዓዉዲ ኢንዱስትሪ ዝነጥፉ፣ ናይ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር፣ ሰብ ሞያ መራኸብቲ ሓፋሽ፣ ሰብ ሞያ ጥዕና ወ.ዘ.ተ ኩሉ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ግድን ንሃገሩን ንህዝቡን እስተዋፅኦ ንምብርካት ብዝለዓለ ትፅቢት ዝግበረሉ እዋን እዩ።

ኣብ ዝተሓተ ናይ መነባብሮ ደረጃ ዝርከቡ ክፋል ሕብረተሰብ ኣብ ናይ ሰሊጥ ኸብሪ ምዉሳኽ ሰንሰለት ዉሽጢ ዝላዓለ ብፅሒትን ኣስተዋፅኦን ዘለዎም ማዕልታዊ ሰራሕተኛታት ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ብዝተኣወጀ ናይ ምንቅስቓስ ገደብ ከምኡ እዉን ባዕሎም በቲ ቫይረስ ንዘይ ምጥቓዕ ካብ ዘለዎም ስግኣት ናብ ስራሕ ከይዋፈሩ ይኽእሉ እዮም። በዚ መንገዲ እቶም ሰራሕተኛታት ኮኑ ሰሊጥ ኣፍረይቲ ሓረስቶት ናይቲ ፀገም ዝለዓለ ተጠቃዕቲ ይኾኑ። እዚ ኩነታት እዚ ስእነት ስራሕ ካብ ምስፍሕፋሕ ብተወሳኺ መፍረያይነት ብምቕናስ ናይ ምግቢ ሕፅረት ክህሉ ይገብር። ቀስብቐስ ድማ ናይ ኹሉ ገዛ የንኳሕኹሕ። እዞም ዝተታሓሓዙ ፀገማት ንምቅላል ኣቐዲምካ ብንቕሓት ብምሕሳብን ብምትሕብባርን ምስራሕ ግቡእና ምዉፃእ ይግበኣና።

## ዕድላት ንጠቐመሎም

- በዚ እዋን ምስቲ ለበዳ ዝተታሓሓዘ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት ምዉሳኑ ናይ ቤተ ሰብ ጉልበት ብምጥቃም እቶትን ፍረያይነትን ብዝነበሮ መልክዕ ንምቕፃልን ብኽነት ንምድሓንን ብሓላፍነት ኣብ ናይ ሕር ስራሕቲ ሃይሃየታ ዉይ ርብርብ ምግባር።
- በቲ ለበዳ ምኽንያት ቤት ትምህርትታት ብምዕፃወን ኣብ ገዛ ዝዉዕሉ ተምሃሮ ብዘለዎም ትርፊ ግዜ ኣብ ናይ ሕርሻ ስራሕቲ ክዉዐሉ ምግባር።
- ከምኡ እዉን ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮን ዕድመኦም ንስራሕ ጉልበት ዝበፅሑ መናእሰይ ኣብ ልምዓት ገደና ኣሕምልትን ፍራምረን ብምስታፍ ዝለዓለ ግደ ከበርክቱ ይኽእሉ። ነዚ እዉን ፅቡ ቕ ኣጋጣሚ እኹል ናይ ክንክን ግዜ ብምህላዉ ዝለዓለ ተራ ብምፅዋት ኣብ ክረምቲ ወቕቲ ናይ ማይ ሕፅረት ብዘይ ምህላዉ ከም ፅቡ ቕ ዕድን ምጥቓም የድሊ።
- ከም ወፈራን እድርን ዝበሉ ናይ ማሕበራዊ መስተጋብር ባህልታት ብምጥቓም ኣድለይቲ ጥንቃቐታትን ተግባራትን እናተኸታተሉ ብምትሕግጋዝ ናይ ማዕላታዊ ሰራሕተኛታት ፀገም ኣቓርቦት ምቅላልን ምቕናስን የድሊ።
- በዝሒ ቑፀሪ ዘለዎም ኣብ ከተማ ዝነብሩ ክፋል ሕብረተሰብ ብትርፊ ግዜኦም ዓቕምን ኩነታትን ብዝፈቕደሎም መሰረት ብልምዓት ኣሕምልቲ ገደና ብዝነኣሰ መጠን ተዝዋፈሩ ብብዙሕ መንገዲ ተጠቀምቲ ክኾኑ ይኽሉ እዮም።

---

ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

መሳርሕታት እንተሃሎዎም ተወሰክቲ ተጠቀምትን ግልጋሎት ወሃብትን እዮም።

እዞም ትካላት እዚኦም አብ ፅቡቅ ዝበሃል ጅማሮ ዋላ እካ እንተሃለዉ ከም መዕፀዲ፣ መኮትኮትን ተወሳኪ መስመር መዝርእን ዝአምሰሉ በብዝሒ ዘይምዉናኖም እቲ ናይ ሕርሻ መካናይዘሽን ግልጋሎት ክሰፍሕ አይከአለን። ብተወሳኪ ድማ እዞም ትካላት ከቢድ ዝበሃል ናይ ፋይናንስ ፀገም ከምዘለዎም ይገልፁ። እዞም ናይ ሕርሻ መሳርሕታት ድማ አብ ቀረባ ጎረቤት ሃገር ሱዳን አብ ዝተፈላለዩ ካንፓኒታት ከምዝርከቡ ይፍለጥ። ነዚ ከም መፍትሒ አብዚ ሒዝናዮ ዘለና ምህርቲ ዘመን እዞም መሳርሕታት እቲ ናይ ፋይናንስ ፀገም ፈቲሕካ በዞም ትካላት አቢልካ ክአትዉ እንተዝግበር እቲ ከጋጥም ዝክእል ሕፅረት መዓልታዊ ሰራሕተኛታት ምሽፋንን በዚ አቢልካ እዉን ከጋጥም ዝክእል ለበዳ ቫይረስ ኮረና ምቕናስ ይከአል እዩ። በዚ አቢልካ ድማ እታ ሃገር ክትስእኖ እትክእል ናይ ወፃኢ ምንዛረ ሕፅረት ምቅናስ ይከአል።

# ናይ ሰሊጥ መዳርግቲ አካላት ናይ ምይይጥ መድረክ አብ ሑመራ ተሳሊጡ



ኮቪድ-19 አብ 2012/13 ምህርቲ ዘመን አብ ሕርሻ ዘብፀሖ ተፅዕኖ ቀሊል ከምዘይከዉን ምግማት ይከአል እዩ፡፡ ብፍላይ ድማ ዝለዓለ ናይ ሰብ ጉልበት ንዝሓትት ናይ ሰሊጥ ሴክተር ዝዓበየ ተፅዕኖ ከብፀሓሉ ከምዝክእል ይፍለጥ፡፡ ናይቲ ምይይጥ መድረክ ዋና ዓላማ አብቲ ዘርፊ ዝተዋፈሩ አካላት ዘለዎም ፀገማት ንምዝርራብን ኮቪድ-19 ከስዕቦ ዝክእል ተፅዕኖ ፈቲሽካ መፍትሒ ንምትእልላሽን እዩ፡፡ እቲ ዋዕላ ብ ዶ.ር አትንኩት መዝገቡ ናይ ትግራይ ሕርሻን ገፀር ልምዓት ሓላፊ ዝተመርሓ እንትከዉን አብ መክፈቲ ዘረብኦም ከም ዝገለፅዎ አብዚ ሒዝናዮ ዘለና ናይ ምህርቲ ዘመን ሃገርና ብኮቪድ-19 ምክንያት ካብ ሰሊጥ ዘርፊ እትረክቦ ናይ ወፃኢ ሸርፊ ክቅንስ ከም ዝክእልን ብተወሳኺ ድማ ናይ ምግቢ ሕፅረት ከጋጥም ከምዝክእል ጠቂሶም መፍረይቲ እዚ አብ ግምት ዘእተወ ስራሕ ንክሰርሑ አተሓሳሲቦም፡፡

አብቲ ናይ ምክክር መድረክ ዝተሳተፉ ሰብ ሃብቲ ከምዝገለፅዎ አብዚ ሒዝናዮ ዘለና ናይ ምህርቲ ዘመን ናይ መዓልታዊ ሰራሕተኛታት ሕፅረት ከጋጥም ከምዝክእል ብፍላይ ድማ ናብ ናይ ሰሊጥ ምፈረይቲ ከባቢ ዝተገበረ ናይ ደቂ ሰባት እገዳ ምንቅስቃስ መዓልታዊ ሰራሕተኛታት ንምርካብ ኣፀጋሚ ከምዝገብሮ ገሊፆም፡፡ ስለዝኮነ ድማ መንግስቲ ትግራይ ምስ ዝምልከቶም መዳርግቲ አካላት ብምትሕብባር መዓልታዊ ሰራሕተኛታት ዝመፅሎም ከባቢታት/ወረዳታት ብምንፃር ምትሕብባርን ጎስጋስ ብምክያድን ናይ መጉዓዓዝያ ብምድላዉን ክሰርሕ ከምዝግብኦ ገሊፂም፡፡ አብ ክልልና ኢሉ እዉን አባ ሃገርና ንዘጋጥም ናይ ምግቢ ሕፅረት ንምሽፋን ድማ ኢንቨስተራት ክሳብ 40% አናኡሽተይ ሓረስቶት ድማ 80% መሬቶም ብመሸላ ዝራእቲ ክሽፍኑ ከምዘለዎም አብቲ ዋዕላ ምርድዳእ ተገይሩ አሎ፡፡ አብ ምፍራይ መሸላ ንዘጋጥም ናይ ፀረ ፃህያይ ሕፅረት ንምቅራፍ ድማ ሕርሻ ቢሮ፣ መቅረብትን ሓረስቶትን ተዋዲዶም ንክሰርሑን ናይቲ ኬሚካል ጠለብ ወረዳታት ንክልል ሕርሻ ቢሮ ጠለቦም ብእዋኑ ከፍልጡን እቲ ቢሮ ድማ ምስ መቅረብቲ ተዘራሪቡ ንከቅርብ ተሓቢሩ አሎ፡፡

አብቲ ናይ ምይይጥ ዋዕላ ካብ ዝተለዓሉ ሓሳባት ሕፅረት ቀረብ ፋይናንስ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ዋላዕካ እንተተርአየ እቲ ፀገም አብዚ ሒዝናዮ ዘለና ምህርቲ ዘመን ብምክንያት ምዉሳክ ወፃኢ መፍረያይነትን፣ ዕዳጋ ምቅናስን ብፍላይ ድማ ብኮቪድ-19 ምክንያት ክክሰት ዝክእል ናይ ሰራሕተኛ ሕፅረት ስግአት ናይ ፋይናንስ ትካላት ዝህበኦ ቀረብ ልቃሕ ትሑት ምካኑ ተሓቢሩ፡፡ ነዚ ድማ ናይ ፌዴራል መንግስቲ ምስ ናይ ክልልና መንግስቲ ብምዝርራብ መፍትሒ ንክግበረሉ አብቲ ዋዕላ ዝተሳተፉ መፍረይቲ ገሊፆም፡፡

ሓለፊ ሕርሻን ገፀር ልምዓትን አብቲ መጠቃለሊ እቲ ዋዕላ ከምዝገለፅዎ ናይ ሰሊጥ መዳርግቲ አካላት ካብ ማንም ግዘ ንላዕሊ ብኮቪድ-19 ምክንያት ክበፅሕ ዝክእል ፀገም ንምምካት ተዋዲዶም ክሰርሑ ከምዝግባእ አተሓሳሲቦም፡፡ እቲ ዋዕላ ብምትሕብባር ሸግግር ሕርሻን ቢሮ ሕርሻን ገፀር ልምዓትን ዝተካየደ እዩ፡፡ አብቲ ዋዕላ ካብ 15 ንላዕሊ መዳርግቲ አካላት ካብ ክልል፣ዞባ፣ወረዳ፣መሰረታዊ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት፣ዩንየን፣ሕርሻ ምርምር፣ኮማንድ ፖስት፣ጥዕና ቢሮ፣ሰብ ሃፍቲ፣አናኡሽተን ሓረስቶትን ካላኦትን ተሳቲፎም፡፡



ማማይ ግሩፕ ናይ ሕርሻ ማሽነሪ አቅራቢ ምስ ማእከል ምርምር ሕርሻ ሑመራ ብምትሕብባር ን 15 አብ ቃፍታ ሑመራ ዝርከቡ ትራክተር ኦፕሬተራት ብ አተሓሕዛ፣ አጠቃቕማ፣ ፅገናን ናይ መስመር መዝርኢ ንክልተ መዓልቲ ስልጠና ሂቡ፡፡

BENEFIT
Bilateral Ethiopian-Netherlands Effort
for Food, Income and Trade

SBN